
# ውሑስ ዑደት ንኽህሉ ንስኻን መሰርሕትኻን ክትገብርዎም ዘለኩም ነገራት



## ለብዒ ንኸይዝርጋሕ እቲ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ሰብ እዩ

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ በጻሕቲ መጺኦም ክበጽሕዎምን ከይበጽሕዎምን ዝውስኑ እቶም ኣብ ቤተ-ሽማግለ(እንዳ ዓበይቲ) ዝነብሩ ሽማግለታት እዮም።እቲ ለበዳ ኣብ'ዚ መንበሪ-ቦታ ኣትዩ ከይዝርጋሕ ምእንትን እቶም ሰራሕተኛታት፡ነበርቲ ሽማግለታትን በጻሕትን ነቶም ህልዋት ለበዋታት ክስዕብዎም ሓባራዊ ሓላፍነት ኣለዎም።



## ነቶም ኣብ'ቲ ቦታ ዘለዉ ኣገባባታት ተኸቲልካ ምስራሕ ኣገዳሲ'ዩ

ሓላፊ ትካል ናይ'ቲ ቦታ ምናልባት ብበጻሕቲ ክመጽእ ዝኽእል ለብዒ ካብ ምዝርጋሕ ንምግታእ ኣብ'ቲ ቦታ ዘገልግል ኣገባባት ከዳሉ ኣለዎ።ከም ሰራሕተኛ መጠን ድማ ንስኻ ኣብ ግብራዊ ስራሕኻ ነቶም ኣገባባታት ክትጥቀመሎም የድልየካ።

ኣንፈት! ነቶም ኣብ'ቲ መንበሪ-ቦታ ዘለዉ ኣገባብ ስራሕን ኣሰራርሓን ምስ መሰርሕትኻ ብሓባር ኮይንካ ተመያይጠሎም።ኣብ'ዚ እታ ብሃገራዊ ቦርድ ጥዕናን ሰብኣዊ ድሕነትን(ሶስያል ስቲረልሰን) ትውሃብ መቈጻጸሪት-ዝርዝር(ቸክሊስት) "*Ordna för säkra besök på äldreboenden*" ክትሕግዝ ትኽእል እያ።



## ነቶም ኣብ'ቲ ቦታ ዝነብሩ ሽማግለታት ደግፎም

ከም ሰራሕተኛ መጠን ነቶም ነበርቲ ሽማግለታት ኣብ እዋን ዑደት ካብ ለበዳ ብኸመይ ክከላኸሉ ከም ዘለዎም ምሕባሮም ከድሊ ይኽእል እዩ - ንኣብነት ብዙሓት በጻሕቲ ብሓንሳብ ዘይምርካብን ካብ በጻሕቲ ፍንትትን ምባልን(ርሕቐትካ ምሕላው)። ክርሳዕ ዘይብሉ ግን መነመን እዮም መጺኦም ክበጽሕዎምን ካብ'ቶም በጻሕቲ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ፍንትት ክብሉ ከም ዘለዎም ዝውስኑ እቶም ነበርቲ ሽማግለታት እዮም።

ነቶም ምስ ቀሪቦም(ኣዝማዶም) ኣብ ግዳምን ብተሌፎንን ቪድዮን ክራኸቡ ዝምነዩ ሽማግለታት ድማ እቲ ርክብ ምቹእን ዝተቓለለን ንኽኸውን ዝግበር ጻዕርታትካ ምስትቕጽሎ ጽቡቕ ነይሩ።

ብሃገራዊ ቦርድ ጥዕናን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ጥቕምቲ 2020።ቁ.ጽሑፍ 2020-11-7026
*Så kan du och din arbetsgrupp ordna för säkra besök – på tigrinja*



Socialstyrelsen